## ኣብ ስያትልን ከባቢኡን ዝተኻየደ ናይ መጀመርያን ብርቅን ኣኼባ

**ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን**
**ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ**
**17.09.2008**

ኣብ ዋሺንግተን ስያትልን ከባቢኡን ዝርከቡ ኣባላት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ብዕለት 14 መስከረም 2008 ብዛዕባ'ቲ ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ዝተመስረተ ሰልፊ ንምምይያጥ ቀዳማይ ኣኼባ ኣካይዶም። ኣኼበኛታት ኣብ ግዚኦም ተረኺቦም። ብጻይ መሓሪ በርሀ ድማ፡ ነቲ ኣኼባ መሪሕዎ።

ብጻይ መሓሪ ንኣኼበኛታት ምውቕ ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኹም መልእኽቲ ብምትሕልላፍ ኢዩ ነቲ ኣኼባ ከፊትዎ። ብድሕር'ዚ፡ ኣኼበኛታት ሓደ ብሓደ ንነብሶም ነቲ ኣኼበኛ ከፋልጡ ዕድል ተዋህቦም። ብጻይ መሓሪ ብምቕጻል፡ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ድሕሪ ምምስራቱ ዘካየዶም ንጥፈታት ድሕሪ ምብራህ፡ ነቶም ኣብ ዝሓለፈ ጉባኤ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ እተመርጹ ኣባላት መሪሕነት ምስ ኣኼበኛታት ኣፋለጦም። ኣኼበኛታት ድማ፡ ብጭብጨባ ተቐበልዎም።

እቲ ኣኼባ ብመግለጺ ብጸይቲ ኤርትራ ኣልኣዛር፡ ሓላፊ ክፍሊ ጉዳያት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ኢዩ ጀሚሩ። ብጸይቲ ኣልኣዛር፡ ብዛዕባ ግደ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራን፤ ብዛዕባ ተመኩሮ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ መዋእል ብረታዊ ተጋድሎ ምእንቲ ሃገራዊ ናጽነት ሰፊሕ መግለጺ ኣቕሪባ። ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ምእንቲ ናጽነት ሃገረን ማዕረ ደቂ ተባዕትዮ ኢየን ተቓሊሰን፤ ከምኡ ውን ኣብ ኵሉ መዳያት ናይ ቃልሲ ዕዉታት ኢየን ነይረን፤ እንተኾነ ግን፡ እዚ ሕጂ ኣብ ኤርትራ ስልጣን ጨቢጡ ዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት፡ ነዚ ልሉይ ተርአን ብምዝንጋዕ፡ ኵሉ መሰረታዊ መሰላተን ሓሪምወን ኣሎ ኢላ። ቀጺላ፡ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ፡ መሰላተን ጥራሕ ዘይኮነ ተሓሪምወን፡ ንዝተፈላለየ ግህሰታትን ውርደትን ውን ይቃልዓ ከምዘለዋ ኣብሪሃ።

ብጸይቲ ኤርትራ ኣስዒባ፡ ሰልፊ ህዝቢ ንግደ ደቂ ኣንስትዮ ክብሪ ብምሃብ ኣብ'ዚ ምእንቲ ምሉእ ናጽነት ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ክሳተፈ ኣፍደገ ምኽፋቱ ኣመጕሳ። ህላወ ናይ ደቂ ኣንስትዮን መንእሰያትን ኣብ መሪሕነት ናይ'ቲ ሰልፊ ድማ፡ መርኣያ ናይ'ዚ እምነት'ዚ ምዃኑ ኣሚታ። ኣብ ኤርትራ ዲሞክራሲ ንምስፋን ኣብ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ፡ ግደ ደቂ ኣንስትዮን መንእሰያትን ዕዙዝ ምዃኑ፡ እቲ ኣብ ሓምለ 2008 እተኻየደ ጉባኤ ሰልፊ ኣስሚርሉ ኢዩ። ካብ'ዚ እምነት'ዚ ተበጊሱ ድማ'ዩ፡ ንጉዳያት ደቂ ኣንስትዮን መንእሰያት ዝከታተል ኣብያተ-ጽሕፈታት ዘቘመ ኢላ።

ቀጺላ፡ ደቂ ኣንስትዮ ናይ ጾታ ማዕርነት ተረጋጊጹ'ዩ ዝብል ኣጕል እምነት ከይታለላ ኣጠንቂቓ። ኣብ ደምበ ተቓውሞ ብንጥፈት ብምስታፍ ንማዕርነተን ክቃለሳ ውን ጸዊዓ። ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ቃልሲ ብሓፈሻ፡ ተሳትፎአን ኣብ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ድማ ብፍላይ፡ ለውጢ ከረጋግጽ ከምዝኽእል ድማ ኣብሪሃ።

ብድሕር'ዚ፡ ደቂ ኣንስትዮ ኣባለት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ምስ'ቲ ሰፊሕ ክፋል ናይ ሕብረተሰብ ኤርትራ ዝምድናአን ብምድልዳል፡ ብዛዕባ ደምበ ተቓውሞ ግቡእ ተረድኦ ኣብ ምስራጽ ክህልወን ዘኽእል ግደታት ኣነጺራ። ብጸይቲ ኤርትራ መግለጺኣ ምስ ዛዘመት ኣኼበኛታት ብክብ ዝበለ ጭብጨባ ኣሰንዮማ።

ስዒቡ፡ ብስም ክፍሊ ጉዳያት መንእሰያት መግለጺ ዘቕረበ፡ ኣብ ዝሓለፈ ጉባኤ ሰልፊ ኣባል መሪሕነት ኰይኑ ዝተመርጸ መንእሰይ ምስግና ዮውሃንስ ኢዩ ነይሩ። ብጻይ ምስግና፡ ተሳትፎ መንእሰይ ኤርትራን ንኽንድ'ዚ ዝኣክል ግዜ ዛሕቲሉ ምጽናሑ ከምዘሻቕሎ ገሊጹ። ግደ መንእሰያት ኣብ ዳግመ

ህንጻን ለውጥን ኤርትራ ዕዙዝ ምኻኑን፤ ነታ ጽቡቕ ዝምነዩላ ሃገሮም ብቕኑዕ ራእይ ክመርሕዋን ናብ መጻኢ ወለዶታት ከመሓላልፍዋን ሓላፍነቶም ምኻኑ ውን ኣብሪሁ።

ብጻይ ምስግና፡ ንግደ መንእሰያት ዝዕንቅጹ ኢሉ ዝኣምነሎም ክልተ ጉዳያት ጠቒሱ ሰፊሕ መግለጺ ኣቕሪቡ። እቲ ቀዳማይ ዕንቅፋት፡ እቲ ከፋፋሊ ፖሊሲታትን ተግባራትን ናይ ስርዓት ኤርትራ ኢዩ ኢሉ። ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ብዞባታት፡ ዓሌታት፡ ቀቢላታትን ኣውራጃታትን ብምግዝዛዕ፡ ንፖለቲካዊ ዕላማታቶም ንምርግጋጽ ሓቢሮም ከምዘይቃለሱ ገይርዎም። እንተኸውነ ግን፡ እዚ ሓድሽ ወለዶ'ዚ፡ ነዚ ውዲታት'ዚ ነቒሑሉ ስለዘሎ፡ ምስ ካልኦት ከም ናቱ ራእይ ዝውንኑ ካልኦት ኣካላት ሕብረተሰብ ኤርትራ ሓቢሩ ንምቅላስ ምቹእ ዕድል ጥራሕ ኢዩ ዝጽበ ዘሎ ኢሉ።

"ኣሕዋት ምስ ዝሓብሩ፡ ጸላኢ የባርሩ" ዝብል ምስላ ብምዝካር፡ ናይ ቀደምን ሓድሽን ወለዶ ሓቢሮም ንሓደ ዕላማ ክቃለሱ ከምዝግባእ ኣተሓሳሲቡ። ነቶም ብዘየለ ምዕባለ ወይ ግስጋሰ ተታሊሎም ዘለው ወገናት ድማ፡ ነቲ ከፋፋሊ ሽጣራታት ናይ'ቲ ስርዓት ክነቕሕሉን፡ ንትጽቢታት ህዝብና ጋህዲ ንምግባር ኣብ ጐድኒ ተቓወምቲ ውድባትን ሰልፍታትን ደው ኢሎም ክቃለሱን ጸዊዑ። ቀጺሉ፡ እቲ ናይ ቀደም ይኹን ናይ ሕጂ ወለዶ፡ ሰላም፡ ፍትሒ፡ ዲሞክራስን ብልጽግናን ንምርግጋጽ ን30 ዓመታት ዝተኻየደ ተጋድሎ ስለምንታይ ከምዘይተዓወተ ክግምግሙ ከምዝግብኦም ኣዘኻኺሩ። ምኽንያቱ፡ ከም'ዚ ዝዓይነቱ ገምጋማት ነቲ ኣብ መንጐና ዘሎ ፍልልያት ኣብ ምጽባብን፤ ሓደ ራእይ ብዛዕባ መጻኢት ኤርትራ ኣብ ምውናን ዝሕግዝ ኢዩ ብምባል ኣብሪሁ። ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ንተሳትፎ መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ንምዕባይ ዝወሰዶ ተበግሶ፡ ነዚ ቅዱስ ዕላማ ንምርግጋጽ ዘኽእል ኣገዳስን ዓቢ ስጉምቲ ኢዩ ብምባል መጉሱ ገሊጹ።

እቲ ካልኣይ ንተሳትፎ መንእሰያት ዝዕንቅጽ ዝሎ ጉዳይ ድማ፡ ኣብ መንእሰያትን ኣብ መራሕትን ዘሎ ዘሎ ናይ ራእይ ድኽነት ኢዩ ኢሉ። እቲ መንግስቲ እንተደኣኰይኑ፡ ዕድመ ስልጣኑ ኣብ ምንዋሕ ጥራሕ ክሕጸር እንከሎ፤ ተቓወምቲ ከኣ፡ ነንሓድሕዶም ክመናጨቱ ኢዮም ዝርኣዩ። እቶም መንእሰያት ድማ፡ ኣብ መንጐ'ዚ ማዕበል'ዚ ተዋሒጦም ይተርፉ ኣለዉ ኢሉ። ካብ'ዚ ተበጊሱ፡ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ንመንእስያት ከሳትፍን ክስሕብን ዘኽእል ንጹር ራእይ ክውንን ከምዘለዎ ኣዘኻኺሩ። ነቶም ኣኼበኛታት ድማ፡ ንናይ ጽባሕ ተስፋታት ብናይ ትማሊ መልስታት ክገጥምዎ ክጽዕሩ ከምዘይብሎም ኣተሓሳሲቡ። ናጻን ዲሞክራስያዊትን ኤርትራ ንምህናጽ ዘኽእል ሓድሽ ራእይ ክንውንን ኣሎና ድማ ኢሉ።

ብድሕር'ዚ መግለጺታት'ዚ፡ ናይ ሕቶምን መልስን ርእይቶን ዕድል ተኸፊቱ። ኣኼበኛታት ብክብ ዝበለ ስምዒትን ተገዳስነትን ኣብ'ቲ ክትዓት ተሳቲፎም። ራእይ ናይ'ቲ ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ዝተመስረተ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ንምፍላጥ ዝዓለሙ ብዙሓት ሕቶታት ካብ ኣኼበኛታት ቀሪቦም። ከምኡ ውን፡ ክግበር ኣለዎ ኢሎም ዝኣምንሉ ጠቓሚ ርእይቶታትን ለበዋታትን ኣቕሪቦም። ዝሓለፉ ጌጋታት ከይድገሙ እንታይ ክግበር ኣለዎ ዝብሉ ሕቶታት፡ ካብ'ቶም መንእሰያት ናብ'ቶም ናይ ቀደም መራሕቲ ክቐርቡ ውን ተሰሚዖም። ብኸመይ ዝበለ ኣገባብ ለውጢ ከምጽኡ ከምዝኽእሉ ውን፡ ንነብሶምን ነቲ ኣኼበኛን ሓቲቶም።

በዚ እቲ ኣኼባ ናይ ሓድነትን ዓወትን መንፈስ ኣብ ዝዓሰሎ ኵነታት ብዓወት ከምዝተዛዘመ፡ ካብ ወኪል ክፍሊ ዜናን ባህልን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ካብ'ቲ ቦታ ዝመጸና ሓበሬታ ኣረጋጊጹ።